ንማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ዓበይቲ ምግቢ ዓይነት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ሕጋዎት ነጋዶ ዝኾንኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መስከረም 30, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 9, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 9, 2017 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ንማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ዓበይቲ ምግቢ ዓይነት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ሕጋዎት ነጋዶ ዝኾንኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም ።

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግበእ ርሒታት

1. ናይ 2016 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፋቃድ ከቅርብ ዝኽእል ..

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ (TIN NO) ከቅርብ ዝክእል

3. ናይ ቫት ተመዝጋቢ ሰርተፊኬት ክቐርብ ዝኽእል

4. ተጫረቲ ናይቲ ዝመልእዎ ዋጋ 2% ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

5. ናይ ጨረታ መግዝኢ ሰነድ ዘይምለስ ብር 50 ብምክፋል ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደቂ አነስትዮ ትግራይ ብኣካል ብምምፃእ ምውሳድ ይካአል

6. ተጫረቲ ዘቅርብዎ ንብረት ፅሬቱ ዝሓለወ ክክውን ይግባእ

7. ተጫራታይ ሳራይ ምኳኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ አብ ውሽጢ 7ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት አታዊ ክገብር ዝክእል

8. ተጫራታይ ካብ ናይ ቤት ፅሕፈትና ስፒስፊኬሽን ወፃኢ ምምላእ አይፍቀድን

9. ተጫራታይ ኣብ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃልይዎ ብቀጥታ ካብ ጨረታ ይስረዝ

10. ረታ ሰነድ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ ዕለት 30/01/2017ዓ.ም ክሳብ 8/02/2017 ዓ.ም ዝፀፋሕ ኮይኑ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 8/02/2017 ዓ.ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም አብ ዝተረከብሉ አብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቀበሌ 15 አብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈትና ዝክፈት ይክውን

11. ቤት ፅሕፈትና ካብቲ ዘጫረቶ 20% ምዉሳኽ ወይ ምቕናስ ይኽእል

12. መክፈቲ ዕለት ቀዳም ሰንበትን እንተዊዒሉ አብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝክፈት ይክውን

13. ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ

ዝተሓለወ ምኳኑ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle